**ድሓን ኩኒ እምበይተይ!!!**
**ኣሸፋሽ ራእሲ ሃይለ ዓድ ኺላ!!!!**
**መልቀስ**

ወየ!!!ወየ!!!ወየ!!!!
ወየ!!ኣነ!!!ወየ!!!ኣነ!!ወየ!!!ኣነ!!

ኣንታ እታይ ሰሚዔ ሎሚ ቕነ
ሃጽ ኢልካ ምኻድ ኮይኑ ዝዘበነ
ዳላስ ተክሳስ ብዓል እዋን ኮነ
ንእምበተይ! ክወስዳ ተወሰነ!!
እምበይተይ ኣሰፋሽ!! እዛ ኺዕናነ።

ጓልዞም ሃፀይ ጓል እዞም ነገስቲ
ጓል እዞም ራእሲ ፡ጓል ደገዝማቲ
ጓልዞም ሓገግቲ ፡ጓሎዞም ሰራዕቲ
ወለድኺ ነይሮም፡ንዓዶም መኽበርቲ
ብዓልቲ ጉልቲ፡ ብዓልቲ ርስቲ
ሕማቕ እዋን ኮይኑ፡ ጽሩይ ማይ ዘየስቲ
ንገርልና ጸገምና ፡ነቶም ወልድና ዓበይቲ
ብድሕሪኦም ነኒሶም፡ ኣብ ሃገርና ኣጋንንቲ።

እምበይተ ኣሸፋሽ ጓል ማይላፎ
ንዝመጾ ትቕበሎ ትሓልፎ ትተርፎ
ንዓቕልን ትዕግስትን ዘይተሸርፎ
እዋን ኣርኪባታ ንኹሉ ዘይትተርፎ።

እምበይተይ ኣሸፋሽ፡ ጓልዞም ዓድኺላ
ኣብ ምድሪ ሓበሻ ትውለድ ብኹላ
ኣድግና ተገልባ ኣብ ምእከላ
ደቂተሽም ሓማሴን ትበጽሓ ብኹላ
ጓል ኣድከመ ምልጋእ ሕምብርቲ ባዕላ
እንዳ ሃጸይ ተምቤን ኣብ ውሽጣ ብኹላ
ናይ ወለዶታት፡ ሕምብርቲ ዓዳ!! ዓድኻላ።

ክንዝክሮ ቁም ነገር በብሓንቲ
ግራዝማች መስፉን ኣርሒቑ ጠማቲ

ንዓኺ ኣሚኑ ወፊዮ መሰረት ፍልጠቲ
ኣብ ዓዲ ሕጊ ተኺልኩም ሓወለቲ
እንዳ ኣዝማች ዑቕቢት ተኸፍተ ትምህርቲ
ንብዙሓት ኮንኩም ናይ ፍልጠት ጀመርቲ።

እምበይተይ ካብ ኣኸለ መዓልታ
ንኹሉ ርእያቶ ዝመጸ በብተርታ
ጽቡቕ ሕማቑን ዘይብሉ መሰታ
ደቃን ደቂ ደቃን ኮኑ መሳሕቕታ
መዓርን ኣጅቦን፡ ሜስ ምስ ጋዓታ
ክንደሻዕ ክንበር፡ ይኹነልኪ ስንብታ
ዕድመውን ኣይነኣሰትን ኣካቲታ
ጾጋ ትግደፈልና ከምቲ ናታ
ሓቢርና ነፋንዋ ናብቲ ጽኑዕ ባይታ
ማርያም ዓድኺላ፡ ትቀበላ ምስ መላእኽታ።

ተኻፍሊ ሓዘን!!!!!!
ሃይለ ገብረትንሳኤ
ዘብሄረ ሰራየ!!
ኢንድያናፖሊስ ኢንድያና 8-12-2017